# ነፍሲ ወከፍውን ከመይ ገይሩ ኸም ዘህንጽ ይጠንቀቕ። 1ይቆረ3፡10

እምብኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡ ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኰንኩም።  ኣብኡ ብዘሎ እቲ ህንጻ ብጐይታ ቅድስቲ ቤተ መቕደስ ምእንቲ ኪኸውን፡ እናተኣሳሰረ ይዐቢ እዩ። ንስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኰኑ ሐቢርኩም ትህነጹ ኣሎኹም። ኤፌ19 ፡ 20

# መጽሐፍ ቅዱስን ህይወትን

- መጽሐፍ ቅዱስ እንታይ እዩ ?
- ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ ሓድሽ ወሎዶኸ ?

# ትሕዝቶ

1. መ.ቅ. ናይ ኣምላኽ ድዩ ?
2. መ.ቅ. ዑምቀት ቃሉ
3. መ.ቅ. ስለምንታይ ንመሃር ?
4. መ.ቅ. ብኸመይ ነንብቦ ?

# 1. መ.ቅ. ናይ ኣምላኽ ድዩ ?

- ዝበለጸ መጽሓፍ እዩ

  ሳዕሪ ይነቅጽ፡ ዕምበባ ይቕምስል፡ ቃል ኣምላኽና ግና ንዘለኣለም ይነብር። (1ይጴጥ1፡24)

- ኣምላኽ ንደቂ ሰባት ብመጽሓፍ ቅዱስ ይዛረብ

ኵሉ ጽሑፍ ትንቢት ትርጉሙ ኻብ ርእሱ ኸም ዘይኰነ፡ ቅድሚ ኹሉ እዚ ፍለጡ። ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።(2ይጴጥ1፡20)

# 1. መ.ቅ. ናይ ኣምላክ ድዩ ?

- መለኮታዊ ቃል እዩ(እብ4፥12)
- ምኽንያቱ

1. ዕረፍቲ ይህብ(ማቴ11፥28)
2. ምኽሪ ኣብ ሽግርና(ኢሳ49:8-9)
3. ንኣምላኽ ንፈልጠሉ(ሆሴ6፥3)
4. ድሌትና ንረኽበሉ(ማቴ 7፥7)

# መጽሓፍ ቅዱስ መጽሓፍ ጥራይ ኣይኮነን

- ኣብ ውሽጢ መጽሓፍቅዱስ ግጥሚ፣ ምሳሌ፣ ታሪኽ፣ ትንቢት፣ ስነ-ፍልጠት / ሳይንስ ይርከብ።
- ናብ 2400 ቋንቋታት ተተርጊሙ።
- ልዕሊ ኹሉ ይሸየጥ።

# መጽሓፍቅዱስ

- መጽሓፍቅዱስ ኣብ ክልተ ይክፈል

  ብሉይ ኪዳን

  ሓድሽ ኪዳን

- ኪዳን ማለት እብ መንጎ ሰብን እግዚኣብሄርን ዝግበር ማሕላ እዩ
- 73 መጻሕፍቲ፤ 46 ብሉይ 27 ሓድሽ
- ኣብ መንጎ 1600 ዓመታት ብ40 ሰባት ተጻሒፉ

# መጽሓፍቅዱስ ፍሉይ እዩ

- ዘፍ 1:1 - ኣምላኽ ብመጀምርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ።
- ራእ 21:1 - እቲ ቐዳማይ ሰማይን እታ ቐዳመይቲ ምድርን ሐሊፎም፡ ባሕሪውን ደጊምሲ የልቦን እሞ፡ ሓድሽ ሰማይን ሓዳሽ ምድርን ርኤኹ።
- ዘፍ 3:3 - ብዛዕባ ፍረ እታ ኣብ ማእከል ገነት ዘላ ኦም ግና ኣምላኽ ከይትሞቱስ ካብኣ ኣይትብልዑ ኣይትተንከይዋ'ውን በለ።
- ራእ 22:2 ብማእከል እቲ ኣደባባይ ይውሕዝ። ነቲ ሩባ ብኽልተ ጎቦኡ ድማ ኣብ ወወርሒ እናፈረየት ዓሰርተው ክልተ ፍረ እትህብ ኦም ህይወት ኣላ። ቈጽሊ እታ ኦም እቲኣ ኸም ፈውሲ ህዝብታት ኰይኑ ኣሎ።

# መን ጽሒፍዎ

| | |
|---|---|
| ነገስታት | ዳዊት ሶሎሞን |
| ጓሶት | ኣሞጽ |
| ካህናት | ዘካርያስ |
| ነብያት | ሳሙኤል ኢሳይያስ |
| ገፈፍቲ ዓሳ | ጴጥሮስ |
| ምሁራን ሕጊ | ጳውሎስ |
| ሓካይም | ሉቃስ |

# ኣበይ ተጻሒፉ

- ሲና
- ግብጺ
- ሮማ
- ፍጥሞ
- ኢየሩሳሌም ወዘተ
- ሽሕ እኳ ብዝተፋላለዩን ኣብ ዝተፈላለየን እንተ ተጻሕፈ ምፍልላይ የብሉን!

# ብዛዕባ መን ይዛረብ

- ካብ ዘፍጥረት ክሳብ ራእይ ዮሃንስ ብዛዕባ ክርስቶስ ይዛረብ።

- ንሱ ርእስኻ ክጭፍልቕ ኢዩ፡(ዘፍ3፡15) እንሆ፡ ቀልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ፡ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኽፈድዮ ኽኣ፡ ዓስበይ ምሳይ እዩ። (22፡12)

# 2. ዑምቀት ቃሉ

- ብዘርኢ ይምሰል(ሉቃ 8፥11 ማር 4፥14)

  ኣብ ንጹህ ልቢ እንተ ተዘሪኡ እምነት ተስፋ ፍቅሪ ሂወት የፍሪ

- ሐዊ (ኤር 23፥29)

  ሐይሊ ሰይጣን ስለ ዘድክም

- መግቢ(ማቴ4፥4)

  ዘልኣለምዊ ህይወት ስለንወርስ

# 2. ዑምቀት ቃሉ

- ማይ (ኤፌ 5፥26 መዝ1፥1-3 ዮሃ7፥32)

  ሓጢኣትና ይሓጽብ፥ መንፈሳዊ ጽምኣት የርዊ

- መስትያት(ያእ 1፥23 1ይቆረ 3፥18)

  ሓቀኛ መንፈሳዊ ምስልና የርኢ

- ብርሃን (ዮሃ 8፥12 መዝ 119፥105)

  መንገዲ ኣምላኽ ስለ ዝሕብር

# ጥቅሚ መጽሐፍ ቅዱስ

- መከላኸሊ ካብ ጸላኢ(ኤፌ 6፥17)
- ኣምላኽ ምሳና ይነብር(ማቴ28፥20)
- ተግሳጽን መንገዲ ህይወትን እዩ(ምሳ6፥23)
- መዓቀኒ ብቕዓትን ዕብየትን(2ጢሞ 3፥16)
- ህይወት ድማ ይህብ (መዝ19፥7 )

# 3.ስለምንታይ መጽሐፍ ቅዱስ ነንብብ

- መንፈስን ህይወትን ስለዝኾና( ዮሃ 3፡36  ዮሃ 6፡63)
- ናይ ድሕነትና መንገዲ ንሱ ጥራይ ስለዝኾነ(ግብ 4፡12)

# 3.ስለምንታይ መጽሐፍ ቅዱስ ነንብብ

- ኣገዳስነት ንባብ

1. ሓጢኣት ካብ ምግባር ንድሕን(መዝ119፥9-11)
2. ጽቡቅ ናይ ምግባር መንፈስ ይሓድረኻ(ፊሊ3፥1-2)
3. ኣብ ግዜ ሽግር ዓቅሊ ትረክብ(ግብ20፥23ኤ ፌ4፥1-3)
4. ዕግበት ትረክብ (1 ጢሞ 6፥6)
5. ሰላምካ ዝያዳ ይዓቢ(ፊሊ 4፥6-9)
6. ንኣምላኽ ተፍቅር (መዝ 41፥1 84፥2)
7. ብቃል ኣምላኽ ስለንፍረድ(ዮሃ 12፥48,ሮሜ2፥16)

# 4.ብኸመይ መጽሐፍ ቅዱስ ነንብቦ

- ብመንፈሳዊ ፍርሃት (መዝ 2፥11)
- ብሳይንሳዊ መንገዲ ዘይምርኣይ(ዮሃ 4፥24)
- ከምቲ ዘለዎ (1 ተሰ 2፥13)
- ብትሑትን መንፈሳዊ ጽምኣትን(ኢሳ 66፥2 1ሳሙ 1፥21)

# 4.ብኸመይ መጽሐፍ ቅዱስ ነንብቦ

- ውልቃዊ ጥቕሚ፤ ኣምላኽ እንታይ ክብለኒ ኢዩ ብምባል(1ሳሙ3፡፡10)
- መልእኽቲ ካብ ንጉስ
- ደብዳቤ

# 4. መጽሐፍ ቅዱስ ብኸመይ ነንብቦ

- ኣናብባብ መጽሐፍ ቅዱስ

1. ጥቅሲ ብጥቅሲ................ዮሃ 1፥1
2. ምዕራፍ ...................ሉቃ 15(ዝጠፍኡ ንብረት)
3. ውልቃውያን ሰባት......... ኣብርሃም ያእቆብ
4. ኣርእስቲ ....................... እምነት ተስፋ ፍቅሪ
5. ስነ-ጽሑፍ
6. ብምንቅስቃስ

# መደምደምታ

- ህይወት ትደሊ ዶ ?

(ዮሃ5፥5)

# ህይወት ትደሊ ዶ?

- መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ግድን ክህልወካ ኣለዎ።

# ሂወት ትደሊ ዶ?

- ናይ ግድን ክተንብብ ኣለካ። (ዮሃ8፥31)

# ሂወት ትደሊ ዶ?

- ብእኡ ድማ ክትነብር ኣለካ።

# ልቢ ኣምላኽ

- ንዓኻ ምእንቲ ከይብድልሲ ንሕግኻ ኣብ ልበይ ዓቆርክዎ
መዝ 119፡11